ክታበት COVID-19

# ሓቅታት ርኸብ።

## ምዕባለ ረኺሲ

### ካብቶም ብሰንኪ COVID-19 ብርቱዕ ዝሓሙ መብዘሕትኦም፡ እዋናዊ ኽታበታት ዘይተኸትቡ እዮም።

እዋናዊ ኽታበታት ምኽታብ ማለት፡ ንኹልቴኡ ኽታበታት ምኽታብን ብቑዕ ዝኾንካሉ ዝኾነ ሓጋዚ መበርትዒ ምኽታብ ማለት እዩ።



### ክታበት ካብ ከቢድ ሕማም ይከላኸል።

ወላ ዉን ምዕባለ ረኺሲ እንተኣጋጠመ እቲ ክታበት ዳርጋ ንኹሎም እተታሕዙ ሰባት ብኸቢድ ንኸይጥቅዑ ወይ ንኸይሞቱ የዕቑቦም።



### ክታበት COVID-19 ድሕንነት ኣለዎ።

እዚ ክታበት እዚ ኣብቶም ካብ እተፈላለየ ዓሌታትን ዕድመን በማኢታት ሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ድሕንነት ከም ዘለዎ ተረጋጊጹ እዩ። ፎኪስ ጎዳኢ ሳዕቤናቱ እኳ ንቡር እንተ ኾነ፡ ከቢድ ሳዕቤናት ግን ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም፣ መብዛትኦም ሰባት ይሕሾም እዩ።

### ክታበት COVID-19 ብጽቡቕ እዩ ዝዓይ።

ንስድራ ቤትካን ንማሕበረ ሰብካን ንገዛእ ርእስኻን ካብ COVID-19 ኽትከላኸለሉ እትኽእል ዝበለጸ መገዲ፡ በብግዜኡ እዋናዊ ኽታበታት ብምውሳድ እዩ።

እዋናዊ ኽታበታት እንተ ዘይተኸቲብካ፡ COVID-19 ክሕዘካ፡ ብብርቱዕ ክትሓምም ወይ ክትመውት፡ ንኻልኦት ከተላብዕ ትኽእል ኢኻ።





### ረኺሲ ክተማዕብል ይከኣል እዩ

ንስኻን ስድራ ቤትካን እዋናዊ ኽታበታት ወሲድኩም እኳ እንተ ኾንኩም፡ ማስክ ምግባር ዝያዳ ውሕስነት ኣለዎ።

ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ብምሕላው፡ ምስ ብዙሓት ሰባት ብዘይምእካብ፡ ኣእዳውካ ኣዘውቲርካ ብምሕጻብ ንርእስኻን ንኻልኦትን ከተዕቑበሉ እትኽእል ካልእ መገድታት እዩ።

ጥዕናኻ ሓሉ። ጥዕና ማሕበረሰብካ ሓሉ። ተኸተብ።